*Tigrinja*

# ንቋንቋ ሽወደንኛን ሽወደንኛን ከም ካልኣይ ቋንቋ ብዝምልከት ንወለዲ ኣላዪ ቆልዑ ዝምልከት ሓበሬታ

**መባእታዊ ቤት ትምህርቲ Järfälla**

JÄRFÄLLA

# ንቛንቋ ሽወደንኛን ሽወደንኛን ከም ካልኣይ ቋንቋ ብዝምልከት ንወለዲ ኣላዩ ቆልዑ ዝምልከት ሓበሬታ

**ብእተፈላለየ ቛንቋታት ምዕባይ ዓብዩ ጥቕሚ ኣለዎ። ዝተፈላለየ ቛንቋታት ዝፈልጡ ቖልዑ ብዝተፈላለየ መገድታትን ብዝተፈላለየ ወግዓዊ ኈነ ዘይወግዓዊ ሓሳባትን እዮም ዝጥቀሙሉ።**

ኵሎም ተማሃሮ ኣብ ዘረባን ጽሕፈትን ዝካዕበተ ዝፈላለየን ቋንቋ ሽወደንኛ ኸማዕብሉ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ከምዚ ኽበሃል ከሎ ሓደ ሰብ ነቲ ቛንቋ ሽወደንኛ ብዝተፈላለየ መገድታት ኽጥቀመሉ ኣለዎ ማለት እዩ። ሽወደንኛ ከም ቋንቋ ኣደ ምምሃርን ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ምምሃርን ዝተፈላለየ ነገራት እዩ። ሓደ ሰብ መዓልታዊ ቋንቋ ቀልጢፉ ክወስድ ይኽእል እዩ፣ ምስ ቤት ትምህርቲ ዝተኣሳሰር ቋንቋ ንምምራሕ ግን፣ ብዙሕ ልምምድ ይሓትት።

**ብቋንቋ ሽወደንኛ/ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ምምሃር?**
ኣብ ቤት ትምህርቲ ሽወደንኛ፣ ክልተ ትምህርቲ ሽወደንኛ ኣሎ: ሽወደንኛን ሽወደንኛን ከም ካልኣይ ቋንቋ። ኣብ ክልቲኡ ትምህርቲ ተመሳሳሊ መጠን ናይ ምምሃር ግዜ ስለዘሎ፣ እቶም ነጥብታት ንተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትን ዩኒቨርሲቲን ሓደ ዓይነት ዋጋ ኣለዎም። ኣስተምህሮ ትምህርቲ ሽወደንኛ፣ እቶም ቆልዑ ድሮ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ጽቡቕ ናይ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ በጺሖም ኣለዉ ዝብል ግምት ዝተመርኮሰ እዩ። እዚ ኸኣ ቋንቋ ሽወደንኛ ኣጸቢቖም ይዛረቡ ኣደማምጻን ሰዋስውን ብዚምልከት ከኣ ነቲ ቛንቋ ቅኑዕ ትእዛዝ ከም ዘለዎም የመልክት። ዝዓሞቐ ቋንቋዊ ርድኢትን ንዕድሚኡ ዝምዕብል ስነ-ቓላትን እውን ይግመት።

ሎሚ ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ፣ እቲ ዝበለጸ ኣድማዒ መንገዲ ቋንቋ ንምምሃር፣ እቲ ኣስተምህሮን ጠለባትን ብዝተኻእለ መጠን ናብቲ ናይ ገዛእ ርእሱ ደረጃ ቋንቋ ዝቐረበ ምዃኑን፣ እቲ ተማሃራይ ድማ ካብኡ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ብቐጻሊ ብድሆታት ከም ዝፍጸምን ይሕብር። ሓደ ኻብ መጠን ንላዕሊ ብቛንቋታት ተኸቢቡ ዘሎ ተመሃራይ በዚ መገዲ እዚ ስለ ዘይዓቢ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ መለከዒታት ጽሕፈትን ምዝራብን ምስማዕን ንባብን ግቡእ ደረጃ ኣመሃህራ ክህብ ኣለዎ።

**ትምህርቲ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ብኸመይ ይውደብ?**
ተማሃሮ ቋንቋ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ክረኽቡ መሰል ንኽህልዎም ካብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ምድባት ተመሃሮ ሓደ ክኾኑ ኣለዎም።

- ቋንቋ መበቆሎም ካብ ሽወደንኛ ወጻኢ ካልእ ቋንቋ ዝኾነ ተማሃሮ።
- ቋንቋኦም ሽወደንኛ ዝኈነን ኣብ ወጻኢ ሃገር ካብ ዝርከብ ኣብያተ - ትምህርቲ ዝተኣከቡን ተማሃሮ።
- ምስ ሓደ ኣላዩ ወላዲ ዝረዳድኡሉ ሽወደንኛ ከም ቀንዲ ቋንቋ ዘለዎም ስደተኛታት ተማሃሮ።

(ድንጋገ ቤት ትምህርቲ SFS 2011:185፣ ምዕራፍ 5፣ ክፋል 14–15)

ኣስተምህሮ ቋንቋ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ብዝተፈላለየ መንገዲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ናይቲ ኮሙን ክውደብ ይከኣል። ብደረጃ ውልቀ - ሰብ ኣብ ንእሽቶ ጉጅለ ወይ ኣብ ብምሉኡ ኽፍሊ ኽፍጸም ይኽእል እዩ።

እቲ ማሕበር ኣብድሌት ተማሃሮ ተመርኲሱ እዩ ዝውሰን። ቋንቋ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ምምሃር ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ናይ ቋንቋ ቅድመ ኩነት ዝተመርኮሰ እዩ።

**እቲ ቤት ትምህርቲ ውላደይ ቋንቋ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ የድልዮ እንተኾይኑ ብኸመይ ይውስኖ?**
ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኹሉ ምዕባለ ቋንቋ ተማሃሮ ብቐጻሊ ንከታተሎ። ንውሳነታት ሓበሬታ ንምርካብ እንጥቀመሎም ዝተፈላለዩ ንዋትን ኣገባባትን ኣለዉና። ሓደ ተማሃራይ ቋንቋ ሽወደንኛ ድዩ ወይስ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ክመሃር ናይ መወዳእታ ርእይቶ እቲ ርእሰ መምህር ክህልዎ እዩ።

**ውላደይ ቋንቋ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ ክሳብ ክንደይ ክምሃር እዩ?**
እቲ ቤት ትምህርቲ ገና ቋንቋ ሽወደን ከም ካልኣይ ቋንቋ ከም ዘድሊ ክሳብ ዝቐጸረ ምምሃር ይቕጽል። ገሊኦም ተማሃሮ ኣብ ምሉእ ትምህርቲ ዓመታቶም ካልኣይ ቋንቋ ሽወደንኛ ኽምህሩ የድልዮም እዩ። ካልኦት ድማ ንሓጺር ግዜ። ኣብ ክልቲኡ ትምህርቲ ሽወደንኛ ኣብ ሓደ እዋን ምምሃር ክህሉ ኣይክእልን እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ እንተደሊኹም ምስ ቤት ትምህርቲ ውሉድኩም ተራኸቡ።